# ሥርዓት “ሽንጋለ” (ምውታግ) ኣብ ብሔረ- ብሊን

The present article deals with one of the famous customs in the “Blin” culture, which is ‘Shngale’ (Initiation). The points that we will see here are the meaning of ‘Shngale’, its way of doing , and the fate of uninitiated ‘Shengelgew’.

ኣብ ዝኾነ ብሔር ፍሉያት ወይ'ን ምስ ካልኦት ብሔራት ዚዛመዱ ወይ ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ጥንታውያን ባህልታትን ሥርዓታትን ኣለዉ። ኣብ ብሔራት ሃገርና'ውን ዝተፈላለዩ ባህልታት ካብ ኣባሓጎታትናን ኣቦታትናን ዝጸንሑና ኣለዉ። ገሊኡ ንኽትርድኦን ንኽትትግብሮን ቀሊል ስለዝኾነ ጽቡቕ፣ ገሊኡ ከኣ ትርጉሙ ብዘይምፍላጥን ዕላምኡ ብዘይምርዳእን ደስ ዘየብሉ ኮይኖም ክስምጡን ክረኣዩን ይኽእሉ። ዓበይቲ ኣቦታት ንባህሊ ከም ፍሉይ መለለዪ ኅብረተሰብ (ብሔር)፣ ኣብ ግብሪ እንተዘይወዓለ ከም ነውሪ ስለዝወስድዎ “ካብ ኣቦሓጎታትና ዝጸንሓና ክቡር ባህሊ ኢዩ፣ ሥርዓት ኢዩ” እናበሉ ንባህልታት ኣብ ምዕቃብ ሓርኮትኮት ይብሉ ነበሩ ኣለዉ'ውን።

ናይ ሎሚ መንእሰይ ግን ንገሊኡ ባህሊ ግዜኡ ዝሓለፎ፣ ምስ ምዕባሌ ዘይከይድ፣ ድሑር ኣተሓሳስባ ዝሓዘ፣ ሰኣን ፍልጠት ዝተገብረ (ዝተጀመረ)፣ ትርጉም ዘይብሉ፣ ግዜ መጥፍኢ ኢዩ ---ወዘተ ብምባል ይነጽጎ። ንገሊኡ ባህልታት ከኣ ናቶም ሓሳብን መልክዕን ብምሃብ ዘይሓሳቡን ዘይመልክዑን ዘይዕላምኡን ኪህብዎ ይርከቡ። ከም ዘለዎ ዚቕበልዎ'ውን ክህልዉ ይኽእሉ። ዘይባህሎም ከእትዉ ዚጽዕሩ'ውን ኣይሰኣኑን። ኵሉ ባህልታት ሃገርና ጽቡቕ ኢዩ ከምዘለዎ ንቀበሎ ወይ'ውን ክልወጡ ዘለዎም ኣለዉ ንለውጦም ኢልካ ብሓደ ግዜ ዝልወጡ ኣይኮኑን። ኣብ ኵሉ ተሰማሚዕካ ንነፍሲ-ወከፍ ባህሊ ትርጉሙን ዕላምኡን፣ ጥቕሙን ጕድኣቱን (ብመንፈሳውን ሥጋውን መዳይ) ብምፍላጥ ክልወጥ ንዘለዎ ከምዝልወጥ፣ ክዕቀብ ንዘለዎ ከምዝዕቀብ፣ ክተርፍ ንዘለዎ ከምዝተርፍም ምግባር ዝበለጸ ምኾነ።

ናብቲ ቀንዲ ኣርእስትና ኽንምለስ፣ ንሎሚ ኣዳሊናዮ ዘለና ካብ ባህልታት ብሊን “ሽንጋለ” (ምውታግ) ኢዩ። እዚ ባህሊ'ዚ ዳርጋ ምስቲ “ኣንፉርካላ” ወይ “ኣናኢላ” ዝበሃል ባህሊ ብሔረ-ኵናማ ተመሳሳሊ ኢዩ። ኣብ ብሔረ ብሊን 'ሽንጋለ' ምሥጢሩ (ትርጉሙ) ሓደ

ከሎ፣ ኣገባብ ኣፈጻጽማኡ ክልተ መልክዕ ዝሓዘ ኢዩ፤ ኣብ ሰንሒት(ዞባ ዓንሰባ)= 1-ኣገባብ "ሽንጋለ" ኣብ ምብራቅን ሰሜናዊ ምዕራብን ዚቅመጡ "ብሊን" (በብሓደ ዚሽንግሉ) ዚጥቀሙሉ፣ 2-ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ዚቅመጡ "ብሊን" (ብዙኃት ብኃባር ዚሽንግሉ) ዝጥቀሙሉ ኣገባብን ኢዩ። ንሎሚ እምበኣር እንታይነት "ሽንጋለን" ዝጥቀሙሉ ሥርዓት ኣገባብን ሓደ ሓደ ምስኡ ዚኸይድ ተወሳኺ ሓበሬታ ናይ ክልቲኡ ኣገባብን 'ንዘይሸንገለ' ዘጋጥሞ ብድሆታትን ክንርኢ ኢና።

## "ሽንጋለ/ሸንገልና"[1]

### (Perform the Initiation rite ' to change from minor to adult' )

"ሽንጋለ" ክበሃል ከሎ ብሓፈሻ ካብ ጉብዝና ናብ ምሉእ ሰብእነት "ግርውርናርሊ" ሓሊፍካ ንኸኑ ይግብኣኒ ኢዩ ኣብ እትብለሉ ደረጃ ዘሕልፈካ ሥርዓት ኢዩ። /"ሽንጋለ" ንሓደ መንእሰይ ምሉእ መሰል ናይ ሰብኣይ ዘረጋግጸሉ ኢዩ።/ "ሽንጋለ" ቃል ንቃሉ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ወይ'ውን ካብ ምንታይ ከምዝወጸን ብኸመይ ከምዝተጀመረን ንኽትፈልጥ ዕምቆ ዚበለ መጽናዕቲ መድለየ። ምኽንያቱ ንዓበይቲ እንተሓተትካ "ጥንታዊ ሥርዓት ኣቦታትና ኢዩ" እናበሉ ይዛረቡ'ምበር ንጹርን ርጉጽን መልሲ ኣይህቡሉን። ኣብ ጽሑፋት ሃሰስ እንተበልካ'ውን ኣዕሚቆም ብዛዕብኡ ዝጸሓፉ ብዙኅ ኣይርከቡን። እዚ ግን ብቋንቋ ብሊን ዝተደርሱ ብዙኃት ጽሑፋት ስለዘየለዉን ስለዘይርከቡን ክኸውን ይኽእል ዝብል ግምት ኣለኒ። (እንተኸነ ግና ብቋንቋታት ጀርመን፣ ጣልያን ...ወዘተ ዝተጻሕፉ ስለዘለዉ፣ ኣብኡ ኪርከብ ይኽእል ኢዩ።)

ኣብ ብሔረ- ብሊን "ሽንጋለ" ንደቂ ተባዕትዮ ጥራሕ ዝምልከት ኢዩ። ዕድመ ናይቲ 'ብጹሕ ሰብኣይ'ዝሽንግል ወዲ ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ ኪኸውን ኣለዎ። ቀደም መብዛኅትኡ ግዜ ሽንጋለ ቅድሚ መርዓ ይፍጸም ነበረ። ስሕት ኢሉ ድኅሪ መርዓ'ውን ይግበር ነበረ። በዚ ሕጂ ግዜ ግን ዳርጋ ኣብ ኵሉ ብግዜ መርዓ ኢዩ ዝፍጸም ዘሎ። ካብ'ዚ ብሓፈሻ "ሽንጋለ" ቅድሚ መርዓን ድኅሪ መርዓን ወይ'ውን ኣብ ግዜ መርዓ ኪፍጸም ከምዝክኣል ንርዳእ።

## 1-ኣገባብ "ሽንጋለ" ኣብ ምብራቅን ሰሜናዊ ምዕራብን ዚቅመጡ "ብሊን" (በብሓደ ዚሽንግሉ) ዚጥቀሙሉ፤

### ሀ-"ሽንጋለ" (ምውታግ) ቅድሚ መርዓን ድኅሪ መርዓን

ኣገባብ "ሽንጋለ" ቅድሚ መርዓን ድኅሪ መርዓን ሓደ ኢዩ። 'ኪሽንግል' ዝደለየ ወዲ ዕድሜኡ ብውኁድ 18 ዓመት ምስ ኣኸለ ንስድራኡ 'ክሽንግል' ከምዝደሊ ይሕብሮም። ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ እቶም ወለዲ ባዕሎም ክንዲ-ሰብ ኣኺልካ ኢኻ'ሞ ሕጅስ "ሽንግል" ይብልዎ። ስድራ 'ንሽንጋለ' ዝኸውን ሓሪጭ፣ጠስሚ፣ ቀመማ ቀመም የዳልዉ። ከምኡ'ውን ሓዲሽ ምሉእ ክዳውንቲ ምስ ሳእኒ "መዳስ"[2] (Leather- shoes) 'ንሽንጋሊ' ዝኸውን ይቅርቡ። ካብ ሓንቲ ሰበይቲ "ሐማ" ጻዕዳ ነጸላን ክትርእዮ ደስ ዘብል ንዓይንኻ ዝስሕብ ዕንቍ "ሶሚት"[3] ኣብ ክሳድ ዝኣቱ የዳልዉ። እቲ "መዳስ" ብዝለፍጠ ቆርበት ዝስራሕ ጽቡቕ ሳእኒ ባህላዊ ኡዩ።

'ዚሽንግል' ወዲ ንኣዕሩኹቱ 'ኪሽንግል' ከምዝኾነ ዕለቱን መዓልቱን ፈሊዩ ይነግሮም። መዕልቲ 'ሽንጋለ' ዳርጋ ሰሙን ምስ ተረፎ ርእሱ ይላጸ። በታ ዝተሰማምዑላ መዓልቲ ኣዕሩኹ ኣብ ወጋሕታ ከካብ ቦትኦም ናብቲ እንዳ ወዲ (ዚሽንግል ዘሎ )ደበኽ ይብሉ። ኣዲኡ ንቁርሲ ገዓት ግዒታ ብብራሕን ጠስምን ሸላሊማ ትቅርበሎም። ነቲ ቀንዲ ሥርዓት ናይ "ሽንጋለ" ዝትልሙ 'ዘሸንግሉ' እንዳ እኖ "ጎስከው" ማለት ኣኮታት ስለዝኾኑ ኣዕሩኹ ገዓቶም ምስ በልጡ ብወለዲ ተሓቢሮምን ተመሪቆምን፣ ነቲ ጻዕዳ ነጸላን ዕንቍን "ሶሚት" ኣብ ኢዶም ሒዞም ናብ ኣኮታቱ ይኸዱ። ነቲ ቀንድን በኹርን ኣኮኡ " እከለ ወዲ ኃውትኻ ኪሽንግል መጺኡ ኣሎ" ኢሎም ምስ ነገርዎ " ኧንቋዕ ብደሓን መጻእኩም" ኢሉ ሰላምታ ድኅሪ ምልውዋጥ ብመን "ኪሽንግልን" ብመን "ክቅንጠጥን" ከምዘለዎ ይሕብሮ። ማለት ቀዳማይ ብእከለ "ሽንግል" ደኅር ከኣ ብእከለ "ተቀንጠጥ" ይብሎ። (ዘሸንግሉ ደቂ ኃውኣቦታታ ንኣደ ዚሽንግል ዘሎ ኢዮም)። እቲ ቀዳማይ "ዘሸንግል" ኣኮ ተቀቢሉ ካብቲ ወዲ ካብ ናይ ቅድሚት ጸጕሩ ቆሪጹ ኣብ ቡቕሊ "ብኵር" ዝተሓወሶ ማይ የእትዎ። በቲ ጻዕዳ ነጸላ ከኣ ይጉልብቦ። ከም ዓቅሙ ኣርሓ፣ ቲፍንቲ፣ ጤል፣ በጊዕ፣ ገንዘብ---ወዘተ ህያባት "ክሸር" ሂቡን

መሪቁን ናብቲ ካልኣይ ኣኮ ይሰዶ። እቲ ካልኣይ ኣኮ ተቀቢሉ ነቲ ጉልባብ ይቅንጥጠ'ሞ (ቅንጣጠ ይበሃል) ካብ ናይ ድኅሪት ጸጉሪ ጥቃ ወተግ ዘሎ ላጽዩ ምልክት "ቅንቃኖ" ይገብረሉ። ካልኣይ ኣኮ'ውን ነዚ ምስ ፈጸመ መሪቁ ከም ዓቕሙ ህያባቱ ይህብ። ኣንስቲ ኣኮታቱ ኣነ ዝበለ ገዓት ግዒተን ብጸባን ብጠስምን ሃነን ዘብልን ኣእዳውካ ዘቆርጥምን ገቢረን ይቅርባ። ህያባት'ውን ይህባ። ገሊኦም ኣኮታት ፍልይ ዝበለ ተወሳኺ ህያብ ዝህቡ ኣለዉ። እዚ ህያብ'ዚ ሴፍ፣ ኲናት "እንሸኽ" ኢዩ። ኲናት ምሃብ ከኣ እቲ መንእሰይ ናብ ምሉእ ሰብኣይ "ግርዋ ኣክና" ኣብ ናይ ምኺን ደረጃ ስለዝሓልፍ ኃያል፣ ብርቱዕ፣ ተባዕ፣ ጅግና--- ከምዝኾነን ከኸውን ከምዘለዎን ኢዩ ዘመልክት። እቲ ቀንዲ ሥርዓት "ሽንጋለ" ኣብዚ ክልተ ኣኮታት ዝፍጽምዎ ኢዩ ዝምርኮስ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተባህለ ምስ ተፈጸመ እቲ ወዲ ሳእኑ የውጽእ፣ ኣዕሩኽቱ ከኣ ነቲ ዕንቀ ኣብ ክሳድ የእትዉሉ። ኣእዳዉ ኣጣሚሩ ከኣ ነቲ ጻዕዳ ነጸላ ተኸዲኑ ብኹሉ ሰብ ይምረቕ። 'ሽንጋሊ' ምስ ኣዕሩኽቱ ንሓደ ሰሙን ኣብ ኲሉ ኣዝማዱ ኣብ ዘለውዎ ቦታ እናዞረ ይላለን ይምረቕን ህያባት ይቕበልን። ኣብ ግዜ "ሽንጋለ" ዝወሃብ ህያባት ናብ ኣቦ ኢዩ ዝኣቱ። ምሉእ መዓልቲ ኪዞሩ ውዒሎም ምሸት ናብ እንዳቦኡ ይምለሱ። ገዛ ክኣትዉ ከለዉ "ሆርያ" ከምዚ መርዓ ኪኣትዉ ከለዉ ዚገብርዎ እናደረፉ ይመጹ። ኣደታት ከኣ ብዕልልታን ብጣቕዒትን ይቅበላኦም። ከም ሥርዓት "ፍቲሕ ሽንጋለ" ስድርኡ ሸውዓተ ገዓት ይገብሩ። ነዚ ከኣ ንገዛ እናተመሱ በብመዓልቱ እዮም ዝበልዕዎ። ቀትሪ ናብ ኲሉ እናገሹ ብፍላይ ከኣ ካብ እንዳ ኣዝማዱ ገዓት ይበልጡ። ርሑቅ እንተደኣ ገይሾም ምስ ኣዝማዱ ይኃድሩ። ንሓንቲ ስድራ ካብ እንዳ ኣዝማዱ ከይበጽሓ ወይ ገዓታ ከይበልዐ እንተ ከይዱ እታ ሰበይቲ ትቅየመሉ። ከምኡ'ውን "ኣብ እንዳ እከለ ከድና ግን ጽቡቕ ገሮም ኣይተቀበሉናን" እንተ ኢሎም እታ ኣዲኡ "ንወደይ ብጽቡቕ ኣይተቀበልዎን" ብምባል ቂምታ ትኀዝ። በዚ ምኽንያት'ዚ ኣዝማድካ ኣብ ዘለውዎ ተጠንቂቅካ ክትበጽሖም ኣለካ፣ ንሳቶም'ውን ብጽቡቕ ክቅበሉኻ ኣለዎም። እዚ ግን ሳሕቲ ኢዩ ዘጋጥም እምበር ብጽቡቕ ኢዮም ዝቅበልዎም።

ኣዕሩኽ ነቲ "ዚሽንግል" ዘሎ ብዘይ ሳእንን ኣእዳዉ ካብቲ ተጣሚሩ ብነጸላ ተኸዲንዎ ዘሎ ከውጽኦ ከምዘይግብኦን ስለዝፈልጡ ብኣሻኹን ረመጽን ዘለዎ ቦታ ይወስድዎ። ብእሾኽ እና ሃረሙ ከምዝሽገር ይገብርዎ። እዚ ግን እቶም ኣዕሩኽ ንኸጻወቱ፣ ኪሽገር ከሎ ክስሕቀሉን ከላግጹሉን ኢሎም እዮም እምበር ሥርዓት ኮይኑ ኣይኮነን። ብዘይ ሳእኒ ምኻድን ኣእዳውካ ኣጣሚርካ ምኻድን ግን ሓደ ክፍሊ ናይቲ ሥርዓት እዩ። እዚ ከኣ ካብ ቀደም ዝጸንሐ ተጸዋርነት ዘመልክት እዩ። ከምዚ ኢሎም ንሰሙን ምስ ዞሩ ኣብ መጨረሻ መዓልቲ ኣብ ሩባ ክዳውንቶም ይሓጽቡን ይሕጸቡን። ነቲ 'ዝሸንገለ' ከኣ ሓዲሽ ክዳውንቱ የልብስዎ። ገዛ እንዳኣቦኡ ኣቲዮም ከኣ ኣብ እግሩ ሳእኒ "መዳስ" ይወድዩሉ። ናይ መመረቕታ መጨረሽታ ገዓት በሊዖም ከኣ ይፋነዉ። ካብዚ ግዜ'ዚ ንደኃር ምሉእ ሰብኣይ ኮይኑ ማለት ኢዩ። ካብኡ ክሳብ ንሓደ ዓመት "መንደለይ" ይበሃል። (መንደላይ ሽንጊሉ ዘይተመርጠጠ ማለት ነቲ ሥርዓት ኣብ መጨረሻ ዚየብጽሖ ኢዩ )።

እቲ "ዚሸንገለ" ክሳብ ንሓደ ዓመት ርእሱ ኣይምቀስን ኣይላጸን'ውን። ዓመት ምሉእ ብመስፈ ዚመስል መስንተር "ክላል"[4] እናተመሸጠን እናተዘርገፈን ይጸኒሕ። መብዛሕትኡ ግዜ ብመልክዕ መስፈ "ክላል" እትጽረብ ካብ "ኣሽላ" ወይ "ኦባ" ዝባሃል ኣግራብ እትሥራሕ፣ ቀጣን፣ ንውሕ ዝበለት ከም ርሳስ እትመስል ብድኅሪት ክብብ ዝበለ ዘለዋ መሰንተር ኢያ። ከምኡ'ውን ንሓደ ዓመት ክሳብ "ምርጣጠ" ማለት ኢዩ ካብ ኩሉ ፍረታት በረኻ ከም ጋባ፣ ዓየ፣ ሓበነ ---ካብ መግቢ ከኣ ከም ጥጥቆ፣ ቆሎ፣ ሻሂ ---ወዘተ ዝኣመሰሉ ኣይበልዕን።

## "ምርጣጠ"

"መንደላይ" (Initiated boy) ድኅሪ ሓደ ዓመት ኣርባዕተ/ኃሙሽተ ርቢዒት ዝኸውን የጥሕን፣ ኣብ ሓርቢ "ሃወት" ጸባ የዋህልል። ድኅሪ'ዚ ሓደ መዓልቲ ቁሩብ ዓበይቲ ሰብኡት ጊዙ ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ጽላል ወይ ኣብ ሩባ ኮይኖም ብርኵታ በርኵቶም ይበልጡ ይውዕሉ። ነቲ ጸባ ሓቀኗኖም ይሰትዩን ይጸብሑን። ሽጡ መዓልቲ ሓደ ሰብኣይ ነቲ "መንደላይ" ርእሱ ይቁንኖ "ገደለኩሉ"። እቲ ቊኖ "ሓለንጋይ" ይበሃል። ቆኒኑ ምስ ወደኣ ካብቲ ጸባ ተሓቊኑ ብዝወጸ ልኻይ ምስ ዝተደቊሰ ቆጽሊ ኣውሊዕ "ወኸራ" ሓዊሱ ርእሱ ይለኽዮ። ቆጽሊ ኣውሊዕ ምልካይ ዓሚቕ ትርጉም ኣለዎ። ኣውሊዕ ሓጋይ ኮነ ክረምቲ ኩሉ ግዜ ዘይትነቅጽ ስለዝኾነት ከምኣ ንዘልዓለም ጥሉል፣ ወላህላህ ዝብል፣ ሕያዋይ--- ወዘተ ኮንካ ንበር ዝብል ሠናይ ትምኒትን ሃረርታን ዝገልጽ ምርቓ ዝሓዘለ ኢዩ። እቲ

ዘገርም በዚ መዓልቲ'ዚ ብዙኅ ነናኣሽቱ ብርኩታ "ብርኩት" በርኩቶም እቶም ኣብቲ ቦታ ዝተረኽቡ ሰብኡትን ቆልዑን በሊዖም ከብቅዑ፤ ኣብ ዓዲ ከኣ ንነሲ-ወከፍ ዓባይ ሰበይቲ "ሐማ" ሓሓንቲ 'ብርኩታ' የብጽሑለን። እቲ ቊኖ ቀጥ ዝበለ ስለዘይኮነ ባዕሉ ኣብ ሓጺር ግዜ ይፍታሕ። ነዚ ኩሉ ምስ ፈጸመ እቲ ወዲ ካብ "መንደላይ" (መንደለታት ብዙኅ) ምስቶም "በሰለሪ ወይ መከሊታት" ዝበሃሉ ይጽዋዕ። "በሰለሪ/መከሊታት" ዝበሃሉ ኩሉ ሥርዓት 'ሽንጋለ' ዚፈጸሙ (ሸንጊሎም ዝተመርጠጡ) እዮም። "ምርጣጠ" ዝበሃል ነዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ዝሓቊፍ ኢዩ። ካብ'ዚ ግዜ'ዚ ንደኃር እቲ ወዲ ጸጕሩ ከዕብዮ 'ኣፍሮ' "ጎተና" ኪገብር፣ መዘርገፍ ኣብ ርእሱ ከዘውትር ይኽእል። ብከም'ዚ ከኣ ምሉእ ብምሉእ ሥርዓተ 'ሽንጋለ' ፈጺሙ ምሉእ መሰል ይረክብ።

## ለ- "ሽንጋለ" (ምውታግ) ኣብ ግዜ መርዓ "ክኻንድ"

"ሽንጋለ" ቀደም ሳሕቲ ኢዩ ኣብ ግዜ መርዓ ዝፍጸም ዝነበረ'ምበር ከምቲ ኣብ ላዕሊ (ሀ) ዝረኣናዮ ኢዩ ዝነበረ። ካብ ቁሩብ ዓመታት ጀሚሩ ገለ ብጸገም ምኽንያት፣ ገለ ከኣ ሳእንኻ ኣውጺእካ ምዛር ስለዘይተራእዮም ወይ ስለዘሕፈሮም፣ ገለ'ውን ግዜን ኩነታትን ስለዘይጠዓሞምን ዘየፍቀደሎምን ንሥርዓት "ሽንጋለ" ኣብ ግዜ መርዓ ክፍጽምዎ ይርከቡ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ግና ኣብ ኩሉ ቦታ ብፍላይ ኣብ ግዜ መርዓ ኢዩ ዝፍጸም ዘሎ እንተበልኩ ዝተጋነነ ኣይመስለንን። ብዙኃት ኣቦታትን ኣደታትን'ውን ከምኡ እዮም ሓቢሮምኒ። ኣፈጻጽማ "ሽንጋለ" ኣብ ግዜ መርዓ ሕጽር ዝበለ ኮይኑ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ። ምሸት ወራድ መርዓ ብድበላን ብሆርያን ብዕልልታን ብጣቕዒትን ገስጊሶም ምስ ኣተዉ፣ ነታ መርዓት ኣብ ሓደ ገዛ እንዳ "ሐማ" ኣእቲዮማ ይጸንሑ። ድኅሪ ቁሩብ ደቓይቕ ከኣ ንመርዓውን ንመርዓትን "መርዓዊረዲ ስርጕዲ" ኣብ ኣፍ-ደገ ናይቲ ግዚያዊ ንሕጽኖት ተባሂሉ ዝተሰርሔ ኣግነት "ኣብሉራ" ወይ ገዛ ኮፍ የብልዎም። ካብ ኣኮታቱ ሓደ መጺኡ ከኣ ካብ ናይ ቅድሚት ጸጉሩ ይቆርጽ፣ ብድኅሪት'ውን "ይቅንቅኖ"። ሽዑ ነቲ ጸጉሪ ኣብ ቡቊሊ ዝተሓወሶ ማይ "ዓፈል/ብኮር" ዝበሃል የእትዎ። ኣኮ መሪቑ ከም ክእለቱ ህያባት ይህብ። ኣብ ግዜ መርዓ 'ንዝሸንገለ' ኣንስቲ እየን ዕንቊ "ሶሚት" ኣብ ክሳዱ ዚመልሳሉ። ካብኡ ክዳውንቲ መርዓ ተሳቢሱ ኣገባብ መርዓ ይፍጽም። ኣብ ግዜ መርዓ 'ዝሸንገለ' ሳእኒ ኣየውጽእን ነጸላ'ውን ኣይጉልበብን። ኣብ ግዜ መርዓ 'ንዝሸንገለ' ስድራ ቤቱ ነተን ሸውዓተ ገዓት "ናይ ሥርዓተ ሽንጋለ" ኢሎም፣ ንግሆ ንግሆ ኣብ ግዜ ሕጽኖት (ማድናር ወክት) ምስ ኣዕሩኽቱ የብልዑዎ። ኣብ ክንዲ ምርጣጠ ኢሎም ከኣ ሓደ መዓልቲ ናይ ምርቓ ስዋ "ስልኽ" ይጸምቑ'ሞ በዚ ኩሉ ናይ "ሽንጋለ" ሥርዓት ይድምደም። በዚ ከኣ መርዓዊ ልክዕ ከምቲ ካብ መርዓ ወጻኢ 'ዚሸንገለ' ምሉእ መሰል ናይ ሰብኣይ ይረክብ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

1-ዓቢ 'ከይሸንገለ' ንእሽቶ 'ክሸንግል' ኣይኽእልን፣ እንተኣጋጠመ ክልቲኦም ብሓደ 'ይሸንግሉ'።
2-ሓደ 'ከይሸንገለ' እንተ ዓረፈ ኣብ ተዝካሩ "ሱክሊ" ናይ 'ሽንጋለ' ኢሎም ሸውዓተ ገዓት የብልጡ። ሓደ ካህን (ፈላሲ) "ቀሺራ/ፈለዳ/ከዳ" እንተኮይኑ'ውን ኣብ ጽምብሉ ሸውዓተ ገዓት ናይ 'ሽንጋለኡ' የብልጡ።
3-ኣብ "ወሶምብያ" ዝበሃል ጸወታ ማለት እግርኻ ንላዕሊ ሓፍ እናኣበልካን እናነጠርካን ኣዋልድ ከበሮ እናሃረማ እንኪውድሳኦም ወይ ጸወታ ኣምሲለን እንኪጸርፋኦም ወይ'ውን ብሓፈሻ ንግዜ፣ ሥርዓት እንዳባ፣ ሠናይ ትምኒት---ዝኃዘ ግጥምታት እናገጠማን እናቃነያን፣ ኣወዳት ጥራሕ ዝጻወትዎ፣ ኣብ ሠለስተ ጉጅለ ተኸፊሎም እዮም ዝተላሃዩ። መጀመርያ "በሰለሪ" (ኩሉ ሥርዓተ 'ሽንጋለ' ዚፈጸሙ፣ 'ዝተመርጠጡ') ይጻወቱ፣ እዚኣቶም "መዓሾ"[5] ቢሎም ምስ ወድኡ፣ "መንደሊታት" (ሸንጊሎም ዘይተመርጠጡ) ይጻወቱ። እዚኣቶም'ውን "መዓሾ" ቢሎም ምስ ወድኡ "ጎሊሕ" (ዘይሸንገሉ ንኣሽቱን ዓበይትን መንእሰያት ኣወዳት) ተርታኦም ሓሊዮም ይወርዱ።

## (ላኹ ላኹ ኀወሊ ወሶምብዪውልድ)

* እና ቊርገ ይጃቡ፣ ተከው ጀህራይ ጕራቡ---ወለሎ።
* ሻሎት ኣዊል ኩንድኖ፣ ሰሚልድማ ገምድኖ---»።
* ጀገን ገምኑኹ በደሮ፣ ሓለዪሎም ኣሰበሮ------»።
* ጀንጀኒሎም ዓገባ፣ ገርጊስ ህንበኮ ናገባ ------»።

\+ ሙቊላ ሸልድ ደኩናት፣ ጃርኽር ገሞ ገውርናት ወለሎ።
\+ ትክይን ይነት ነመደት፣ ለገድኖ ግናቲት------»።
\+ ኣተይድኖ ገንጀና፣ ኪሸኻሲ ማልድ ቊስገና----»።

' እና ወክት ምለንታ፣ ሓራማተል ገምደንታ---ወለሎ።
' ይና ወረባ ትክይኒ፣ ሸኾዳ ሸልድ ደኸኒ---» ።
' ዓዳት ከብተኾ እለማ፣ ኒንኻ ከታ ኣኸለማ---»።

-ቀባቀብሶ ጎተና፣ ግኽዱ ፌረው ፌተና -----ወለሎ።
-ወጋህ የሎም ዓገባ፣ ልዛም እስዲነ ጠዓምባ-----»።
-ወሶምብያ መላሉ፣ ታዕሊመኒ(ክኒመኒ) ኣይፋሉ---»።
-እና ቍርገ ጢልጢልየው፣ ወሰውመውናው
ፍንጢረው,,,,,,ወለሎ።

## 2- ኣገባብ 'ሸንጋለ' ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ዚቅመጡ "ብሊን" (ብዙኃት ብኃባር ዝሸንግሉሉ) ዚጥቀሙሉ፣

### ሀ- "ሸንጋለ" ቅድሚ መርዓ

ዕድሚኦም ብውኑድ 18 ዓመት ዝኣኸሉ ኣወዳት መኃዙት ወይ መሳቱ "ላ-ግም" ኾሎም ብኃባር 'ስለዝሸንግሉ' ይእከቡ'ሞ ኣብ ግዜ ጥሪ "ፍጉር" 'ኪሸንግሉ' ምኺኖም ይሰማምዑ። ነፍሲ ወከፍ ወዲ ከኣ ንስድራኡ ይነግር። ስድራ 'ንዝሸንግል' ወዶም ዝኸውን ክዳውንቲ ስረ፣ ካምቻ፣ ነጸላ(ጸዓዱ)፣ ዕንቍ "ሶሚት"፣ ሳእኒ "መዳስ"፣ መንዲል(ምሩጽ ሕብሪ) የዳልዉ። መንዲል ኣብ ክሳድ ይእሰር። ንኾሎም ነቶም 'ዚሸንግሉ' ሓደ ዓይነት እዮም ዝገዝኡሎም። ወይ'ውን ባዕሎም ሓደ ዓይነት ይገዝኡ። ብዝኂ ናይቶም ብሓደ 'ዚሸንግሉ' መንእሰያት ውሱን ኣይኮነን፣ ከም ምሕዝነቶም "ና-ግምሰነክ ግን" ኢዩ። ብኃጺሩ ዕስራ፣ ኃምሳ፣ ሚእቲ---ወዘተ ኪኾኑ ይኽእሉ።

እቶም 'ኪሸንግሉ' ዝተሰማምዑ መዓልቲ "ሸንጋለ" ዳርጋ ወርሒ ምስ ተረፎ ይእከቡ። ሸዑ ንገለ ሰባት ካብኣቶም ጽቡቓት ኣባትር "ዓገን" (Beautiful sticks) ዝበትኩ ይመርጹ። ብፍላይ ነቶም ብጕስነት ዝተፈልጡን መሪጸም ዝኽእሉን ይሓርዩ። እቶም ዝተመርጹ ወይ ዝተመዘዙ ኣኅዋት ናብ በረኻ ወፊሮም ንነፍሲ ወከፎም ሓሓንቲ በትሪ ካብ "ሳንቀራ" ትበሃል ገረብ የዳልዉ። ነተን ኣባትር ኣብ ሓዊ ለሊዮም "ስድውና" ከኣ ከም 'ገ' "ዓገን" ይገብርወን። ዝጽረብ ጸሪቦም ዝዕረ ኣዓሪዮም ከኣ ንነሲ ወከፍ ምስኣቶም 'ንዝሸንግል' ሓሓንቲ ይዕድሉዎም። ንዕኦም'ውን ሓሓንቲ ይኅዙ። 'ዚሸንግሉሉ' ዕለታት ዝነግሩ ዓበይቲ ሰባት ስለዝኾኑ ከኣ ንዕኦም ሓብሩና ኢሎም ይውከስዎም። እቶም ዓበይቲ ቆጺሮም "ኣብ ወርሒ ጥሪ /ፍጉር/ ሸንግሉ" ኢሎም ይነግርዎም።

'ኪሸንግሉ' ዝቀራረቡ፣ መዓልቲ "ሸንጋለ" ሰሙን ምስ ተረፎ ኩሎም ርእሶም ይላጸዩ። መዓልቲ "ሸንጋለ" ምስ ኣኸለ ከኣ ነፍሲ ወከፍ ምስ ካልኣይ ርእሱ ኮይኑ፣ ነቲ ሓዲሽ ክዳውንቲ'ውን ኣብ ሳንጣ ኣእቲዩ ናብ እንዳ እኖ "ጕስከው" ማለት ናብ ኣኮታቱ ይኸይድ። እቲ ካልኣይ ምስኡ ዝኸይድ ሰብ ግን ካብቶም ምስኡ 'ዚሸንግሉ' ኣይኮነን። ካልእ ኮይኑ ንእሽቶ ወይ ዓቢ ኪኸውን ይኽእል። እንዳ እኖ ማለት ኣኮታቱ "ወዲ ኃውትና ኪሸንግል መጺኡ፣ እንቋዕ ብደሓን መጻእካ" ብምባል ብዘደንቕ ኣገባብ ይቅበሉዎ። 'ዘሸንግል' እቲ ቀንዲ ኣኮ ዘይኮነስ ወዲ ኃውኣቦኣ ንኣደ 'ዚሸንግል' ዘሎ ኢዩ። እቲ ኣኮ ብቡቍሊ ዝተሓወሶ ማይ ጌሩ ንርእሲ እቲ ወዲ የተርክሶ'ሞ ብድኅሪት ጥቃ ወተግ "ሸማመቱኹድ" ናይ 'ቅንቃኖ' ምልክት ይገብረሉ። ብድኅሪ'ዚ ነቲ ሓዲሽ ክዳውንቲ በብሓደ የልብሶ። መሪቍ ከኣ ከም ዓቕሙ ህያባት ይህብ። ኣብ'ዚ እውን ብግዜ "ሸንጋለ" ዝወሃብ ህያባት ናብ ኣቦ ኢዩ ዝኣቱ። ሰይቲ ኣኮኡ ከኣ ኣነ ዝበለ ገዓት ግዒታ ብብራሕን ጠስምን ሸላሊማ ትቕርበሎም፣ ህያባት'ውን ትህብ። ካብኡ እቲ ካልኣይ ኮይኑ ከይዱ ዝነበረ ነቲ 'ዚሸንገለ' ናብ ብጾቱ መሊሱዎ ይሰናበት። ኾሎም እቶም 'ዚሸንግሉ' ነፍሲ ወከፎም ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተባህለ ምስ ፈጸሙ ተኣኪቦም ብሓደ ይዞሩ፣ ይምረቑ። ካብኣቶም ከኣ ንኹሉ ብኣገባብ ዝመርኑ፣ ዝእውጁ፣ ዚገርፉ---ወዘተ ይመርጹ። ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ እናኸዱ ከኣ ኣብ ናይ ነፍሲ ወከፍ ዘመድ ይበጽሑ። ኪኸዱ ከለዉ ብመስርዕን ብኣገባብን ኢዮም ዝኸዱ፣ ሓደ ንበይኑ ተፈልዩ ኪኸይድ ኣይፍቀደሉን ኢዩ። ናብ ዓድታት ኪበጽሑ ከለዉ ብድበላን ብሆርያን ምስ መጹ፣ ኣደታት ብዕልልታን ብጣቕዒትን ይቕበላኦም። ኣብ ቅልጽሞም "ህርድ"[6] (Skin Ornament ' Arm') ይኣስሩ። "ህርድ" ብቆርበት ዚሥራሕ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ስልማት ኢዩ። ከምኡ'ውን ዋልታ "ጊብ"[7] (Protective instrument ' Elephant ear' ) ይኅዙ።
ናብ ሓንቲ ዓዲ ኪበጽሑ እንተደኣ ኮይኖም ኣቐዲሞም እቶም መደብ ዝመርኑ ነታ ዓዲ ብድሮ ይነግርዋ። እዚ ከኣ ብዙኃት ስለዝኾኑ ንዕኦም ዝኸውን ገዓት "ካላ" ምእንቲ ከተዳሉ ኢዩ። ኣብዚ ሓደ ዘደንቕን ሠናይ ተግባርን ንሓዋሩ ተዘኪሩ ኪነብር ዘለዎ ናይ ኅውነት መንፈስ ኣሎ። ንሱ ከኣ ነፍሲ ወከፍ ዓዲ ምስ ተነግረት ወላ'ውን ኣጋጣሚ ከይተነግረት እቶም 'ዚሸንግሉ' እንተ መጺኦም እተን ኣደታት ኩለን ገዓት ይግዕታ። ከምኡ ዚገብራሉ ምኽንያት ከኣ እቶም 'ዚሸንግሉ' ብዙኃት

ስለዝኾኑ ሓደ ክልተ ገዓት ኪኣኽሎም ስለዘይኽእልን ንኀውነታዊ ምትሕግጋዝን ኢዩ። እቶም 'ዚሸንግሉ' ከኣ በብመኣዲ ተመቓቂሎም ይበልጡ። ቀትሪ ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ እናኸዱ ይምረቑን ይበጽሑን። ለይቲ ከኣ ጓይላ ኪጸወቱ ይኃድሩ።

ከም ሥርዓት ናይ "ሸንጋለ" ነፍሲ ወከፍ ስድራ (ዚሸንግል ወዲ ዘለዋ) ሓሓደ ገዓት ትግዕት። እዚ ገዓት ናይ ሥርዓት 'ሸንጋለ' ፍሉይ ስም ኣለዎ፡ "ቀሚሹኹ"[8] ከኣ ይበሃል። እዚ "ቀሚሹኹ" ዚበሃል ገዓት ኣርባዕተ ርብዒት ኮይኑ ኣብ ሓደ ሒሳብ "ግባር" ኢዩ ዝወጽእ። ብክልተ ኣብስንቲ ጠስሚን "ስና" ብራሕ ከምዝኣኽሎም ገቢሮም ይጸብሕዎ። ናይ ኵሎም ኣብ መመዓልቱ ይበልዕዎ። ከምዚ ኢሎም ንሠለስተ ወርሒ ዝኣክል ብሓደ ናብ ኵሎም ኣዝማዶም ኣብዘለውዎ ቦታ ይኸዱ፡ ይበጽሑ። ድኅሪ'ዚ ሓደ መዓልቲ በትሪ ዝወርደሉ "ዓገን ገምድና" ዚበሃል ሥርዓት ይፍጽሙ። ሽጡ መዓልቲ ኵሎም ተኣኪቦም ናብ ሓደ ቀላይ "ዓይግ" ይኸዱ። ነተን 'ክሸንግሉ' ከለዉ ዝተዋህባኦም ኣባትር "ዓገን" ንኹለን ብሓደ ኣሲሮም ናብቲ ቀላይ የጥሕልወን። ንኵሉ ጊዜ ከኣ ኣብኡ ይተርፋ። እዚ ካብ ቀደም ዝጸንሐ ኢዩ። እቶም ብሓደ 'ዚሸንገሉ' ሓቀይና ኀውነት "ሻናር/ዳናር/"፡ ሓድነት "ላ-ናን"፡ ስምሚዕ "ውፋቕ"፡ ፍቕሪ "እንከሊ" ከምዘለዎም የመልክት። ክዳውንቶም ሓጺቦም፡ ተሓጻጺቦም ከኣ ዝተረፈ ገዓት "ቀሚሹኹ" በሊዖም ናብ ንቡር ሥራሖም ይኸዱ። ካብ'ዚ ግዜ'ዚ ንደኃር ምሉእ መስል ናይ ሰብኣይ ይረኽቡ።

## "ምርጣጠ"

እቶም "መንደሊታት" ኣብ ግዜ ጥሪ "ፍጉር" 'ዚሸንገሉ' ክረምቲ ኣብ ቅነ ፍልሰታ ለማርያም "ማርያምሲ" እኽሎም የጥሕኑ፡ ጸባ ኣብ ሓርቢ "ሃወት" የዋህልሉ። ደኃር ሓደ መዓልቲ ገለ ዓበይቲ ሸማገለታት ወሲዶም ኣብ ምቹእ ቦታ፡ ብፍላይ ዓባይ ገረብ ጽላል ኣብ ዘለዎ ይኸዱ። ኣብኡ ብርኵታ በርኵቶም ይበልጡ፡ ንጓሶት'ውን ጸጸዊያም የብልዕዎም። ነቲ ጸባ ከኣ ኣርጊኦም ይጸብሑን ይሰትዩን። በዛ መዓልቲ እዚኣ ሓደ ሰብኣይ ነቲ ወዲ ይቍንኖ'ሞ ቆጽሊ ኣውሊዕ ብዝተሓወሶ ልኻይ "቗ረና" ይለኽዮ። ትርጕም ቆጽሊ ኣውሊዕ ከምቲ ኣብ ቀዳማይ ክፋል "ሸንጋለ" ዝረኣናዮ ኢዩ። ነቲ ልኻይ ኣብ ገዛ ኣደታት ኣቃሚመን ኣብ "ገባተት"[9] ዝበሃል ገቢረን ይህባኦም። ድኅሪ'ዚ ሥርዓት'ዚ ምስቶም "መከሊታት/በሰለሪ" ተባሂሎም ዚጽውዑ ይጽውዑ። "መከሊታት/በሰለሪ" ዚበሃሉ ኩሉ ሥርዓት-'ሸንጋለ'፡ 'ምርጣጠ' ዝወድኡ ኢዮም።

## ለ- "ሸንጋለ" ኣብ ግዜ መርዓ

ብዝተፈላለየ ምኽንያት ካብ ብጾቱ ተሪፉ ኣብ ግዜ መርዓ 'ኪሸንግል' ንዝደለየ ኣብ መዓልቲ "ስምዶ" ኢዮም 'ዘሸንግልዎ'። ሽጡ መዓልቲ ኣኩኡ ብድኅሪት ኣብ ጥቃ ወተግ ናይ "ቅንቃኖ" ምልክት ይገብረሉ። ስድራኡ ገዓት ናይ ሥርዓት 'ሸንጋለኡ' "ቀሚሹኹሲ" ሽጡ ይገብሩሉ። ካብኡ ንደኃር ልክዕ ውራይ ወይ ኣገባብ መርዓ ጥራሕ ኢዩ ዚገብር። ኣብ ክንዲ ሓለንጊ "ኵርባጅ" ምስ ሴፍ በትሪ "ዓገና" ይኀዝ። ቅድሚ መርዓ 'ዚሸንገለ' እንተደኣ ኮይኑ ግን መርዓዊ ምስ ሴፍ ሓለንጊ ኢዩ ዚኀዝ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

1) ዝኾነ 'መንደላይ' በትሪ "ዓገነት" ከየውረደ ከሎ ወላ እንተ በደለ ፍጹም ኣይክሰስን ኢዩ።

2) 'መንደላይ' ንብረቱ ተጠንቂቁ ኪኀዝ ኣለዎ፡ እንተዘይኮነ እቶም ካልኦት ዓበይቲ ዝኾነ ነገር መንጢሎም ይወስዱሉ። ሽዑ ሓንቲ ኣማራጺ ዘላቶ ከፊሉ ንብረቱ ኪመልስ ጥራሕ ኢዩ። እዚ ግን ንጸወታን እቶም 'ዚሸንግሉ' ጥንቁቓትን ንኪኾኑ ኢዩ እምበር ንኻልእ ኣይኮነን ዚብል መልእኽቲ ሓቝፉ ዘሎ ዋዛ ምስ ቁምነገር ኢዩ።

3) ዓበይቲ ሰብኡት ነቶም 'ዚሸንግሉ'፡ በቲ 'ሸንጊሎም' ብሓደ ኪኸዱ ከለዉ ዝገብርዎ ተግባራት ጅግንነት፡ ጸወታ፡ ኣገባብ--- ወይ'ውን ሕምቀት፡ ዘጸይፍ--- ወዘተ ንኩሉ ብምስተውዓል ቅጽል ስም ወይ ሳጓ የውጽኡሎም። ንኣብነት፣ ዓማር፡ ሓርብያ----

4)(ሀ) ኣየውርድ እምበር 'ኪሸንግሉ' ተቀሪቦም ከሎዉ ብጻዮም እንተደኣ ሞይቱ ሸዓ ዓመት 'ኣይሸንግሉን' ኢዮም። ምኽንያቱ ንሸዓ ዓመት ኃዘን ስለዘጋጠሞም ንዚመጽእ ዓመት ኢዮም 'ዚሸንግሉ'።

(ለ) 'ሸንጊሎም' በትሮም ከየውረዱ ከሎዉ ብጻዮም እንተደኣ ሞይቱ ነተን ኣባትር ሰቢሮም፡ እቲ ኪገብርዎ ዝነበሮም ከም ገዛ ገዛ ከድካ ምምራቕ፡ ገዓት "ሸንጋለ" ምብላዕ---

ወዘተ የቋርጽዎ። "ሽንጋለ" ተፈጺሙ ማለት ኢዩ፣ ዝተረፈ ከይቅጽሉ ግን ኃዎም(ብጻዮም) ስለዝተፈልየሎም ኃዘን እምበር ሓጎስ ኣይራኣዮምን ኢዩ።

5) ካብቶም ብሓደ 'ዚሸንገሉ' ኣብ ዝኾነ ግዜ ሓደ እንተደኣ ሞይቱ ካብቲ ኣብ ተዝካሩ "ሱክ" ዝተሓርደ ሥጋ ፍጹም ኣይበልጡን ኢዮም። ዘይበልዑሉ ምኽንያት ከኣ እቲ ዓርኮም ወላ ካብዚ ምድሪ'ዚ ብሥጋ ይፈለዮም ድኣ'ምበር ብመንፈስ ከምዘይፍለዮም ብምእማን፣ እቲ ዕርክነቶም ዘለዓለማዊ፣ ከምኡ'ውን ንጽንዓትን ንሓቦን "ምርወት" ኢዩ።

6) እቶም ብሓደ 'ዚሸንግሉ' መሳቲ ስለዝኾኑ ብተዘዋዋሪ መንገዲ ኣዕሩኽ ኢዮም ብሓደ 'ዚሸንግሉ' ማለት ኢዩ።

## 'ዘይሸንገለ' (Uninitiated boy)

1-ኣብ ናይ ዓዲ ባይቶ/ኣኼባ "ዲቢ ወረባ" ኪእከብ ኣይኽእልን እንተ ተኣከበ'ውን ዘረባ ኪጅምር ወይ ጉባኤ ኪመሪሕ ኣይፍቀደሉን። ተቀባልነት'ውን የብሉን።

2-ምስክርነት "ሰሚዕ" ክህብ ኣይክእልን፣ ዳይና ኪኸውን ኣይፍቀደሉን።

3-'ኪሸንግል' ንዝደሊ ወዲ ኃውቱ 'ከሸንግል' ኣይኽእልን። በዚ መንጽር'ዚ 'ከሸንግል' ዝኽእል ንባዕሉ 'ዚሸንገለ' ኪኸውን ኣለዎ።

4-ሓደ ሰብ እንተሞተ ኪረድእ ወይ ከውጽእ ኣይፍቀደሉን፣ ኣብ ቀብሪ'ውን ኣይከይድን። ገሊኦም እንተ ኸደ'ውን ብጻይ ኮይኑ'ምበር ከእዊ ኣይኽእልን ይብሉ።

5-ብሥርዓት እንዳ-ኣባ ጋር-ነፍሲ "ጠርቕ" ምኽፋል እንተኣጋጠመ ኣይሕተትን ኢዩ።

6-'ዘይሸንገለ'ብናይ ክርስትና ሃይማኖት "ዲን ክስታንኹ" ብስም እግዚኣብሔር፣ ብስም ቅድስቲ ድንግል ማርያም ወይ ብስም ሓደ ቅዱስ ማኅበር ከልዕል ኣይኽእልን።

ብሓጺሩ "ዘይሸንገለ ቆልዓ ኢዩ" ተባሂሉ ካብ ናይ ሰብኣይ መሰል ሓንቲ የብሉን። እዚ ዓቢይ ኣኽብሮት ተዋሂብዎ ተኸቢሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል ነይሩ። ሕጂ ግና፣ ጸገማት፣ ምዕባሌ---ወዘተ እናተባህለ ንዝነበረ ቀንዲ ሥርዓት እንዳባ ሽለል ይበሃሎ ኣሎ።

## መደምደምታ

ኣብ ብሔረ-ብሊን ሓደ ካብቶም ዓበይቲ መለለዪኦምን ያታኦምን "ሽንጋለ" ኢዩ። ኣብ'ዚ ጊዜ'ዚ እናሃሰሰን እናተረሰዐን ይመጺእ ብምህላዉ፣ በቲ ዝከኣለኒ ኣብ ጽሑፍ ከስፍሮ ፈቲነ ኣሎኹ። "ሽንጋለ" ሓደ ካብቶም ዓሚቕ መጽናዕቲ ዘድልዮም ኢዩ። እዚ ጽሑፍ'ዚ ድማ መበገሲ ደኣ እምበር ዓሚቕ መጽናዕቲ ዚተገብረሉ ስለዘይኮነ፣ ገለ ጌጋ እንተ ተረኺቡሉ ብዓይኒ ንሕስያ ክትርእይዎ ብትሕትና እሓትት። ንድኅሪ ሕጂ'ውን ብግዱሳት ኣኀዋት ብዓሚቕ ተጸኒዑ ኪዳሎ ተስፋ እገብር። ያታ መለለዪ ብሔራትናን ክብረትናን ስለዚኾነ ብግቡእ ኪዕቀብን ኪስነድን፣ ናብ መጻኢ ወለዶ ከነመሓላልፎን ግዴታና ኢዩ። ንኹሎም ነዚ ጽሑፍ ንኽዳሉ ብዝተፈላለየ መልክዕ ንዝተኃባበሩንን ዝሓገዙንን ግዜኦም ወፊዮም ምሉእ ሓበሬታ ንዝሃቡንን ልባዊ ምስጋና ኣቅርብ ።

ኃው ክፍል ኣጀመል

## (NOTICE)

[1]እኽር መስቀል ኣቢብ "ሽንጋለ ያኹ ቆል ይናኹ ተከላ፣ በጋ ኒልድ 'ገብትና' ይነን ኪድርድ" የነኮ። 'ገብትና' ይስታኺ ሽንጋለሲ ሳርደድ ዓረድሲ ቀንቀንስና፣ ዓረድሲ ስቿኹድ ሽብክሲ ከምከምና-ግን።

[2]"መዳስ" ሻፍ ኣስርከተው-ግን።

[3]«ሰሚት" ሀ-ክብ ዓረርሶ ህንበው ሞላላን ላት ፈስተ ወሪ ከብ ግናቲታ ኣንቀይል ፈስተ ኡሰው ክርሚል ሽኻር መታን እንሸወነው ግን። (Colourful beads)

ለ-ቊራ ሽንገሎሰና ወሪ ክኻንተ ዋኑ ሰሚትሲ ኒክርሚል ማዕተብሰና እንሸወኮ እማ "ኒሰሚትዲ ህንበኮ" ይስተኮ። (Kind of slender beads during initiation rite or honey-moon ' Blin culture' )

[4]"ክላል" ካና ግናይ ሽብክሲ ፋሊሰና ኣኽቶ ሽረብስሮ ህንብረሪ፣ ከቦሪሪ-ግን።

[5]"መዓሾ" ,«ኣሱል» የው ቆላት ይነው ተከላ። መዓሾ=ኣቅትረና፣ ኣሱል=ተሪ እዋ/ናኽና የው ውራይናር ሻው ተከኮ።

[6]"ህርድ" ተንከሊ እንሸውሳ ነሳኹሪ ሰርጎ ገኖረድ ከደምሶ ህንበው-ግን። (Skin Ornament ' Arm')

[7]"ጊብ" ሀ-ጃኒ እንቊወድ ከደምሳኹ እንሸኽሊ፣ እንሸኽ ኰጊንሎም ኒድ ገበናኹ/ሐገየናኹ (Protective Instrument ' elephant ear' ) ኒን-ግን ኣን

ነት ነፍዕስቶ ህንባኹ።
ለ-አኻ ክኻንዲ ሰገራኹ ስርጕ ብርፍ ይቶ ይሩ ኒል ክፍ ይሮ እንቃርዳኹ (Processed cow skin taken wedding ceremony)
[8]ቀሚሹኹ ይስታኹ ካላ እኽርስከው እሰናኹ ሽንጋለር ፍትሑኹ ግን።
[9]«ገባተት» (Cream -case) መደግደግ ካኒኹ ተካኹ ቋረና ኒል አክብላኹ፡ ስርጕር ቋረኒኹ።

**አንቂ ልሽካ አኽሮ ክኻንሲቶ ግርጋ ኰሽርሶሰና ንርወንድልክ ገእ የቲ፡ ክሽርኽር ኡውስተቲ። ህንቡንቲክ፣ ሰወልዲራ፡ ሽሓናት/ እራኵ ስርጕሲ ጀረብደው፡ ሰረን--- ክሽር ናውክ ንሩ-ግን።
**እማና "መንደሊታት" ደዓሪ-ግን ናው ወረዱኑ እርግናኹ።
**ሽንገልዶ ጀረባኹ አግክክ ክመገን ኒተኮል ሽንገለኵ። ደአም ብጅኻነሲክ ኣግክክ ቢስተኒ።
**እማና ሰረን ሽንገላኹዱ ደበላናት-ግን።

## (ላኹ ላኹ ኀወሊ )
## ወላሎ ሊሎ ወለላ(2) ወላላላ።

\+ ወይ መንደላይ ገደልሶ ሓለንጋይ፡ አሩኹ ገድም ናን ኒ-ናይ።
\- ፈጠኒና ቀጣን ለምለማ፡ ይን-ግን ጻበር ገደማ።
\+ ውራየውናው ኀሊሕ ግናቲት፡ ክሲ ገብኖና ደንቢረ አብኮራ ወራዚት።
\- ሽዉ ፍራ አብድ ምለውግን፡ አን-ግን እንታ ጕልፋራ።

## (ሆይ)

-መንደሊታት እንትኑኹ እንቃቅ ገዶክን፡ ይናዲግን እንታ መቅሪሕ ጥዕስትግድኒን ላኺና ህንበክን።
+ኀሊሕር ጋበነኵ ገለ ጋብገለ፡ ናዳር ኣመት እንገው ማዕቡ መንደርተው ቆኣዕሰና እሽክልኤ።
-የዋ ኣብድ ምልደነኵ ይንኻ ዋሰነኵን፡ ደኵሰድኑኹ እንታ ሽጕሲ ሃደው ይዱኑ እኵን ደገመናኹ-ግን።
+ኀሊሕኻ ቂጦሪል እክል ወሽቀል፡ መሰልገው አጀኒት ውራ አርእኖ ክንሲሎም ዎመስቀል።
-ውንቅርሰረን በህሊንሲ እልብድኖ እሽነኵ፡ ይክልዲ ይገንዲ እንታ ዑረትድ ጋበነኵ።
+ነመናው ኩጉልፋት ብር ኀሊቲ ምስግነት፡



ኀተኒልድ አክጃህ መቀስትኖ ና-ግሰት። (ባንክር መቀስቶ ህንበውሲ-ግን።)

## ምንጪ ጽሑፌይ

1-ብዛዕባ ቋንቋን ባህልን ብሊን ዝምልከት ሰሚናር ክፍሊ 1 አሥመራ 14- ሰነ-1978 ዓ,ም,
2-ብሊና ቆላታ እንድባ (Blin -Dictionary) ክብላ 1990/ March 1990

3- አቶ ዓንደማርያም ድራር
4- ወ/ሮ ተካ በርህ
5· አቶ ተስፋዝጊ ህያቡ
6· ወ/ሮ አዳለት መይበቶት
7· አቶ አሽማዒል ጅሚዕ ስለማን
8· ወ/ሮ አብርሀት ኪዳነ
9· አቶ አጀመል ዓሊ
10·[illegible] መካል አሰገዶም
11·ኃው ኤርምያስ ገብረማርያም

From: Adventiat Regnum Tuum, vol.75/76 , 2001-2002
Scanned pdf.doc. By Blin Language Forum, daberi.org, 2012